# ምድረ-ባሕረነጋሲ (ምድረ-ሓማሴን) 9ይ ምዕራፍ

**ኣብ መንጎ መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈወርቅን፣ ፍልልይ ዝምድናን ሓባራዊ መደብ ዕዮን ኣሎዶ?**
**(ትምህርትን ሓበሬታን ንመንእሰያት ኤርትራውያን)**

ኢሰያስ ኣፈወርቂ መን ምኻኑንን፣ ንመን ከገልግል ከምዝተዋፈረን፣ እንታይ ዓይነት ሸቶ ንምውቃዕከ እዩ፣ “ዋላ ትንፈር በጊዕ እያ“ ዝዓይነቱ መደብ-ዕዮ ተኸቲሉ፣ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ ብግዝያዊ መንግስቲ ጥራይ ገና ንህዝቢ ኤርትራ ኣደንቍሩ ብግፍዒ ዝገዝኦ ዘሎ ወዘተ…? ዝብል ትንተና ኣብ ዝቕጽል 10ይ ምዕራፍ ክትንተን’ዩ። ሎሚ ግና ኣብ’ዚ ዘሎናዮ ዓመተ-ምሕረት፣ ቅድሚ ሓደ ሚእቲ ዓመት ዝነበረ ታሪኽ መሳፍንቲ ትግራይን ኢትዮጵያን፣ ብመለስን ኢሰያስን ይድገም ከምዘሎ ብዙሕ መረጋገጺ ምልክታት ይግሃድ ስለዘሎ፣ ኣብ’ዚ 9ይ ምዕራፍ’ዚ ብሕጽር ዝበለ ክግለጽ’ዩ። ብዙሕ ህዝቢ ኤርትራን ሓይሎ ገርህኛታት መራሕቲ ውድባትን ግና፣ ንፍልልይ መለስ ዜናዊን ዝምድናኦምን: ሓባራዊ መድብ ዕዮኦምን ብግቡእ ኣየለለዩዎን። ብዙሓት መራሕቲ “ተቓወምቲ ኢና“ ብሃልቲ ውድባትን፣ መራሕቲ ብሄራትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ፓርትታትን፣ ብፍላይ እኳድኣ ሓይሎይ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኤርትራውያንን፣ ፍልልይ ዝምድናን ሓባራዊ መደብ ዕዮን መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈወርቅን፣ ጠፊኡዎም ዘይኮነስ ንገንዘብ ጥቕሚ ክብሉ ሃገራውነት ክሒዶም መሳርሒ መለስ ዜናዊ ምኻን መሪጾም ኣለው። ገለ “ውድባት ኢና ሰልፊ ኢና“ ብሃልቲ ኤርትራውያን’ውን፣ ኣብ ኤርትራ ብፍላይ መንእሰይ ወለዶ ብኢሰያስ እናጸነተን፣ ብሓፈሻ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ብሕገ-ኣልቦ ዝኾነ ባርባራዊ መግዛእቲ ኢሰያስ እናተሳቐየን፣ ጀጋኑ ገዳይም ተጋደልትን መራሕትን ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናመሽመሹን፣ ኢሰያስ ከኣ ብዘይካ ብብረት ብኻልእ ኣመሉ ከምዘይገድፍ እናፈለጡን፣ “ብሰላማዊ መንገዲ ጥራይ ኢና ንኢሰያስ ክንምክቶ እንኽእል“ ክብሉ ክትሰምዕ ከሎኻ፣ <u>ብኢሰያስ ተኸፊሎም ዝተላእኩ ምኻኖም የረጋግጸልካ</u>።

እቲ ሓቂ ግና: ነቲ ገርህኛ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘይተጋህደ ስለዝኾነ እዩ’ምበር፣ ኣብ መንጎ መለስ ዜናውን ኢሰያስ ኣፈወርቅን ፍልልይ የልቦን። እኳድኣ ኢሰያስ ኣፈወርቅን መለስ ዜናውን <u>ክልተ ገጽ ሓደ ቅርሺ</u> እዮም። ብፍላይ ኣብዚ እዋን’ዚ ግና: ነዚ ሓቂ’ዚ እናፈለጡ ተቓወምቲ ኤርትራ ኢና ዝብሉን፣ ሓይሎ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ኤርትራውያንን፣ <u>ካብ ዝብአ ኣብ ቶኾላ ምጽላል ስለ ዝመረጹ</u>፣ <u>ኣብ ጐኒ መለስ ብምኻን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ሕሱር ፕሮፓጋንዳ ኣንዳዘርግሑ ከቢድ ዕንቅፋት ኮይኖሞ ኣለው</u>። ካብ’ዚ ብምብጋስ፣ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ: ነቲ ስኣን ፍልጠት ዝጠፍእ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብዙሕ መጻሕፍቲ ታሪኽን መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነትን፣ ዝሓለፈን ህሉውን ታሪኽ: መንነትን ተልእኾን ኢሰያስ ኣፈወርቅን መለስ ዜናውን ብምፍታሽ: ብፍላይ ንመንእሰያት ኤርትራ ብሓፈሻ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ <u>9ይ ሕታም’ዚ</u> ብዓቕምና ክነቕርብ መሪጽና።

**ኣብተን ዝሓለፉ ምዕራፋት “መሳፍቲ ትግራይን ኣምሓራን ኩሉ ግዜ ክጥዕሞም ከሎ ንምድረ-ባሕሪ ምውራር ከም ወልፊ’ዮም ዝወሰዱዎ ነይሮም። ደቂ ምድረ-ባሕሪ ግና መሳፍንቲ ትግራይ ክወሩዎም ከለው ምክልኻል እንተተዘይኮኑ፣ ንህዝቢ ትግራይ ወይ ኣምሕራ ክሃስዩ ንንብረቶም ጥሪቶምን ክዘምቱን ሓሲቦም ኣይፈልጡን“ ዝብል ዓንቀጽ ኣቕሪብና ነርና።** ርግጽዩ እቲ እዋን’ቲ ቅድሚ ካብ 100 ክሳብ 200 ዓመታት ዝነበረ ታሪኽ ነይሩ። ሎሚ ግና ኣብ መበል 21 ክፍለ-ዘመን (2012 ዓ.ም.ፈ.) ኢና ኣርኪብና ዘሎና። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግና ድሕሪ 100 ወይ 200 ዓመታት፣ ወያኔን ህግደፍን ዝብሃሉ ዋላኳ ሰውራ ኣካይድና እንተበሉ፣ ማሕበር ድያብሎስ ክኾኑ ከምዝመረጹ ኣለሊናዮም። ስለዝኾኑ ከኣ ነቲ ቅድሚ 100 ዓመታት ዝነበረ ግዕዙይ ታሪኽ ኣቦሓጐታቶም ክደግሙ ይርኣዩ ኣለው። ብፍላይ ከኣ ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ኣንጻር ረብሓኡ ዝኾነ ነጋሪት ኾናት ኣናሃረሙ: ኣብ ኾናት ክጠብስዎ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ንርእዮም ኣሎና።

## መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈውርቅን ስጋዊን ደማዊን ዝምድና ኣለዎም።

ንኢሰያስ ዘውለዳ ወይዘሮ ኣዳነሽ ጓል መድህን በራድ ኣብ “ይሓ“ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ዓድዋ እየን ተወሊደን። ንኢሰያስ ዝወለዱ ኣቶ ኣፈውርቅ ኣብርሃም፣ ካብ ተንቤን ዓብዪ-ዓዲ’ዮም። ኢሰያስ ግና ኣብኡን ኣዲኡን (ስድራኡ) ትግራዎት እኳ ኣንተኾኑ፣ ኣብ ኣስመራ (ሓማሰን) ተወሊዱ ዝዓበየ እዩ። **እቲ ገርህኛ ህዝቢ ዘይበጽሖ ምስጢር ከኣ፣ ባዕዳውያን መንግስታት ብፍላይ መንግስቲ ኣንግሊዝን ኣሜሪካን፣ ንሓንቲ ሃገር ትንኣስ ትዕበ ብስትራተጂን ብጂኦ-ፖለቲካዊን ዝብህጉዋ፣**

**ብቐሊሉ ክቈጻጸሩዋ ኣንተድኣ ዘይክኢሎም፣ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ክቈጻጸርዋ ምእንቲ፣ ነዊሕ መጽናዕትን ምርምርን ብምግባር፣ ብሓደ ወደባት እታ ሃገር ዘይኮነ፣ ወይ ማእከላይ ዓሌት ወይከኣ ወጻእተኛ ዝኾነ ውልቀ-ሰብ ብስዉር ዓሲቦም ንርብሕኦም የዋፍሩዎ። እዚ'ዩ ከኣ እቲ ቀንዲ ሕቡእን ግሁድን ሰበብ ንህዝቢ ኤርትራ መንድዓት ኮይኑ ዘሳቕዩ ዘሎ። ስለዚ ከኣ'ዩም ባዕዳውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራን: ብሃግቲ መሬት ኤርትራን ተሓባቢሮምን፣ በቲ ኪድን ኣይትበሎ ከምዝኸይድን ግበሮ ዝዓላማኡ ውዲቶም ተጠቒሞምን፣ ነታ ህዝቢ ኤርትራ ንፍርቂ ዘመን ተዋዲቑ ዝረኸባ ነጻነት ንምፍሻል፣ ማሕበር ድያብሎስ ዝኾኑ መራሕቲ ወያኔን ህግደፍን ልኢኾም ቅሳነት ከሊኦሞ ዘለው።**

ንመረዳእታ:- ኣብ 2ይ ውግእ ዓለም: ኣዶልፍ ሂትለር ወዲ ኣውስትርያ ክነሱ፣ ኣብ ሃገር ጀርመን ስልጣን ሒዙ ንሚልዮናት ደቀባት ጀርመናውያንን ኢውሮጳውያንን ከምዘጽነተ ዘይርሳዕ ታሪኽ'ዩ። ብድሕሪ መጋረጃ ኣዶልፍ ሂትለር እምብኣር: ካብቲ ዅናት ስትራተጂካዊን ቍጠባዊን ረብሓ ዝነበሮም ስዉራት መሃንድሳት ነይሮም'ዮም። ኣብታ ኣብ ደቡብ ኣሜሪካ ኣትርከብ፣ ብባህርያዊ ሃብቲ ብልጽግቲ ዝኾነት ሃገር ፐሩ'ውን፣ ንሓደ መወለድ ጃፓን ዝነበሮ ኣልበርቶ ፉጂሞሪ ዝተባህለ ወጻእተኛ፣ ዓሲቦም ኣብ ስልጣን ኣምጺኦም: ንኣሽሓት ደቀባት ጀጋኑ ደቂ ፐሩ ከምዝቐንጽልን፣ ነታ ሃገር ከኣ ብቍጠባዊን ፖለቲካውን ኣብ ዓዘቕቲ ከምዝሸኽላን ልኢኾሞ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ህዝቢ ፔሩ ሰውራ ኣልዒሉ ንኣልበርቶ ፉጂሞሪ ምስ መከቶ፣ ንእንዳብኡ ሃገር ጃፓን ኣምሊቑም ከምዝዑቆብ ገሮሞ። **ሑሳኒ ሞባራክ ዩሁዳዊ ዓሌት ዘለዎ ግብጻዊ ስለዝኾነ፣ ንግብጺ ክሳብ ዝኣርግ ኣገልጋሊ ሲ.ኣይ.ኤን. እስራኤልን ኮይኑ ለኪሙዋ። ክንደይ ደም ኣፍሲሱ ከብቅዕ፣ ጐይቶቱ ስለዝተጣበቕሉ፣ ገና ንሞት ከይተፈርደ ባህርያዊ ሞት ይጽበ ኣሎ።** ለኒንን እስታሊንን ትሮትስኪን ዩሁዳውያን ክንሶም፣ ኣስማቶም ቀይሮም ን66 ሚልዮን ክርስትያን ህዝቢ ሩስያን መንቍሶም፣ ኣብያተ ክርስትያናትን ገዳማትን ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ኣዕንዮም። እዞም ኩሎም ዕሱባት ዝኾኑ ማእከላይ ዓሌት መራሕቲ'ዚኦም፣ ኣብ ስልጣን ክመጹ ከለው፣ ደቀባት እታ ሃገር ስለዘይኮኑ፣ በቶም ስዉራት ሓይልታት ተመልሚሎም'ዮም ንደቀባት ከጥፍኡ ኣብ ስልጣን መጺኦም። መኽንያቱ ብባህርያዊ ሓደ ወደ-ባት ሓንቲ ሃገር ንህዝቡ ንመሬቱን ንባዕዳውያን ኣሕሊፉ ከቶ ኣይህብን እዩ።

ኣብ ኤርትራ እንተኾነ'ውን ኣሜሪካውያንን እንግሊዛውያንን ነዚ መጽናዕትታት እዚ ኣብ ግምት ብምእታው: ንህዝቢ ኤርትራ ኣላሽ ከብዎ ዝኽእሉ ብሓቂ ብወደባት ኤርትራዊ ዘይኮነስ: ብሓደ ትግራዋይ መበቈል ግንከኣ ቋንቋ ኤርትራውያን ዝዛረብን ኤርትራዊ መልክዕ ዘለዎን ሰብ (ከም ኢሰያስ) ኣብ ስልጣን ኣምጺኦም ጥራይ ከምዝዕወቱ ስለዘረጋገጹ'ዮም። ስለዚ ከኣ እዮም ቅድሚ 50 ዓመታት፣ በዚ ውዲት'ዚ ተጠቒሞም፣ ብመደብን ብመጽናዕትን ንኢሰያስ ብገርሁ መሪጾም መዝነት ኣሸኪሞሞ። በቲ ኣዳልዮም ዝቐረብሉ መደብ-ዕዮ ተኸቲሉ ከኣ ኣንሆ ካብ 1969 ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ንገርሀኛ ህዝቢ ኤርትራ ትንፋሱ የምሉቖ ኣሎ። ለዋህ ገርሀኛን ህዝቢ ኤርትራ ግና "ኢሰያስ ወዲ ጸሎት ሓማሴናይ ጅግና ወዲ ሓራስ ነብሪ እዩ" እናበለ፣ ብስምዒትን ግርህነትን ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ከየለለዮ ክኣምኖ ጥራይ ጸኒሑ። ኢሰያስ ኣፈወርቅ ግና ንኤርትራን ህዝባን ሓልዩ፣ ብመደብ ንኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነጻ ከውጽእ ኢሉ ኣይኮነን ንሜዳ ወጺኡ። እንታይ ድኣ ንታሪኽ መሳፍንቲ ትግራን ኣምሓራን ደጊሙ፣ ንቃልሲ ኤርትራ ንኸበርዕንን፣ ንጅግንነትን ሓቦን ህዝቢ ኤርትራ ንኽሓክኽን'ዩ ብስዉር ብዓሰብቱ ንሜዳ ተላኢኹ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ከኣ: እቶም ብዶክተርነትን ፕሮፌሰርነትን ዘይተኣደን መዓርግ ዝተሸከሙ "ምሁራት ኢና" ዝብሉ፣ ነቲ ስዉር ሚስጢር (ኮንስፒራሲ) ንህዝቢ ኤርትራ ከይበሩዎ እንሆ ፍርቂ ዘመን ሓሊፉ። እዞም ምሁራት'ውን ከምቶም መራሕቲ ውድባት ዝብሃሉ ብህዝቢ ኤርትራ ተሓተቲ እዮም። ስለዚ እዚ ሎሚ ዝቐርብ ዘሎ 9ይ ምዕራፍ ቀንዲ መልእኽቱ፣ መንእሰይ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራ ጸላኢኦም መን ምዃኑ ንምሕባር'ዩ። መኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራን መንእሰይ ኤርትራን፣ ፈታዊኡን ጸላኢኡን እንተድኣ ፈሊጡ ጥራይ እዩ፣ ንጸላእቱ መኪቱ ክዕወት ዝኽእል ዝብል እምነት ስለዘሎና።

ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ለገሰ (መለስ) ዜናዊ እንተኾነ'ውን: ካብቲ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ኢሰያስ ኣይፍለን'ዩ። ታሪኽ ኣቶ ዜናዊ ዝፈልጡ ወራዙት ክትርኹ ከለው ከኣ:- ንመለስ ዜናዊ ዝወለዳ ጓል ኣቶ ገብረ-ልዑል ሓወም ንራእሲ ሃይለ ዓድ'ኳላ ምዃነን፣ "ኣቡኦም ንኣቶ ዜናዊ ከኣ ኣብ ማይ-መጫቓት እትብሃል ጥቓ ዓዲ-ኳላ ኣብ ኣውራጃ ሰራየ እትርከብ ዓዲ'ዮም ተወሊዶም። ኣዲኦም ግና ጓል ዓድዋ ትግራወይቲ እየን። ቅድሚ ኮሎንያል ጣልያን ድማ ንዓድዋ ግዒዞም። ኣብኡ ከኣ ንኣቶ ዜናዊ ወሊዶም። ኣቶ ዜናዊ ካብ ዓድዋ ንኣውራጃ ሰራየ እንዳብኦም መጺኦም፣ ንጓል ደጊያት ገብረልዑል ሓዎም ንራእሲ ሃይለ ተዋሲቦም። ብድሕሪ'ዚ ንለገሰን (መለስ) ንኣሕዋቱን

ኣብ ዓድዋ ወለዶሞም። ስለዚ ለገሰ (መለስ) ዜናዊ፣ መበቈሉ ሰረወታይ ወደባት ኤርትራዊ'ዩ። ብዛዕባ ለገሰ (መለስ) ዜናዊ ካብ 3 ወለዶ ንላዕሊ ክቔጽር ዝደሊ ሰብ እንተድኣ ኣልዩ፣ ኣብ ማይ-መጫቓት ከይዱ ንዓበይቲ ዓድን፣ ንማይቤት ራእሲ ሃይለን ተወኪሱ ብዝርዝር ክፈልጥ ይኽእል'ዩ። መለስ ግና ወለዶኡ ¾ ኤርትራዊ ምዃኑ ኣጸቢቑ ይፈልጦ'ዩ“ ይብሉ ።

ርግጽዩ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መለስን ኢሰያስን ዝምድናኦምን መበቈሎምን ዝተረሓሓቑ ኣይኮነን። ብዛዕባ ዝምድናን መበቈልን ኢሰያስን መለስን ክነልዕል ዘገደደና ቀንዲ መኽንያት ግና፣ ወለድኦም ከነጻሪ ስለዝደለናን ወይ ከኣ ወለድኦም ስለዘገደሰናን ኣይኮናን። ከም መሳርሒ ኳኖት ኮይኖም፣ ብፍላይ ነቲ ብሃይማኖትን ብባህልን ብቋንቋን ብሕብሪን ብዙሕ ፍልልይ ዘይብሉ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን፣ ብሓፈሻ ከኣ ህዝቢ ኢትዮጵያን፣ ካብ ባዕዳዊ ኮሎንያል ጣልያን ዝብድሎ ዝነበረ ዝገደደ ዝብድሉዎ ዘለው ክልቲኦም እናተወዳደሩን ተሃላለኹን እዮም። እቲ ተልኡኾኦም ብረቂቕ መጽናዕቲ መሃንድሳት ስለላ መርበብ ኣንግሊዝን ኣሜሪካን ዝተዳለወ ምስጢራዊን ውዲታዊን ምዃኑ ንምሕባር ኢና።  እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ነገ ከኣ ካብ ምስ ህዝቦም ምስ ባዕዳውያን ቃል-ኪዳን ስለዝኣተዉ'ዮም። ነዚ ውዲት'ዚ ድማ ምስጢሩን መንቀሊኡን ሰብ ክፈልጦ ኣለዎ።

ስለዚ እቲ ትሕዝቶ ውዲት: ለገሰ (መለስ) ዜናዊ ብመበቈል ኤርትራዊ ክነሱ፣ ግንከኣ ትግራዋይ-ኢትዮጵያዊ ተመሲሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክሃሲ ተባሂሉ ከምዝተመርጸ። ኢሰያስ ኣፈወርቅ ድማ ትግራዋይ ክነሱ፣ ኤርትራዊ ተመሲሉ ንህዝቢ ኤርትራ ክብድል ስለዝተመልመለ እዩ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ዓላማ እዚ ጽሑፍ'ዚ፣ መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈወርቂን፣ ስለምንታይ ንህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ኢትዮጵያን ይብድሉዎ ከምዘለው ንህዝቢ ንምብራህ ጥራይ እዩ። ነዚ ውዲት እዚ ከኣ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን እንተድኣ ክፈልጦ ክኢሉ፣ ጸላእቱን ፈተውቱን ከለሊ ይኽእል'ዩ። ጸላእቱን ፈተውቱን ምስ ኣለለየ ከኣ፣ ንመንነቱን ንህላዌኡን ንመሬቱን ባህሩን ክብል  ብንቕሓት ክምክት ይኽእል'ዩ፣ ካብ ዝብል ተበግሶ ጥራይ ኢና ነቕርቦ ዘሎና።

## እተን ቀንዲ ውዲታዊ ተልእኾ መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈወርቅን እዘን ዝስዕባ እየን:-

እቲ ቀዳማይን ንሓጺር ግዜ ዝዓለመ ዓላማ፣ ክልቲኦም ኣናተሃላለኹ ነቲ ህዝቢ ዕንክሊል ኣቢሎም ኣብ ስልጣን ንኽነብሩ ክኸውን ከሎ። እቲ ካልኣይን ንነዊሕ ዝዓለመ ዓላማን ከኣ: ብገንዘብን ስልጣንን ተታሊሎም፣ ወገኖምን ሃገሮምን ክሒዶም፣ ንረባሓ ጅኦ-ፖለቲካዊን ስትራተጂካውን ባዕዳውያን ሓይልታት ከገልግሉ መሪጸም።

እዞም መሳርሒ ባዕዳውያን ዝኾኑ ፋሺስታውያን ገዛእቲ እዚኦም፣ ሓደ ካብቲ ሓደ ዘይሕሹ ብውድድር ንህዝቦም ጕዲኦም ንባዕዳውያን ረብሓ ዝኸድሙ ዘለው፣ ክልተ ገጽ ሓደ ቅርሺ እዮም። እቲ ኣዝዩ ዘስደምም ከኣ ብፍላይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብዚ ሎሚ ዓለም በጺሓቶ ዘላ መበል *21* ክፍለ-ዘመን፣ ካብቲ ኣብ ሜዳ ዝነበሮ ኣተሓሳስባ ከይቀየረ፣ ክሳብ ሎሚ ነቲ ብሻምብቆ ብረት ዘምጽኦ ሕጊ-ኣልቦ ስልጣን ተጠቒሙ፣ ንብዙሓት ሓርበኛታትን ደለይቲ ለውጥን ደቂ ሃገር ሸሚሙ፣ ንብዙሓት ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ውድባት ዓጊቱ፣ ንስሙ ካብ ሲስተም ኣሜሪካ ዝተቐድሐ “ፕረሲደንት“ ኤርትራ እንዳ ተጸውዐ፣ ግንከኣ ብሕገ-መንግስቲ ዘይተሰነየ ግዝያዊ መንግስቲ ኣቝሙ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣደንቍሩ ይገዝኦ ኣሎ። እታ ፋልሶ ስልጣኑ ከይትትንከፎ ከኣ፣ ነዘን በቶም ተሓባበርቱ ስለላ መርበብ ሲ.ኣይ.ኤ.ን ሞሳድን ዘውጽኡሉ መደብ ዕዮ እናተጠቕመ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ሜላ ይሕልወን ኣሎ:-

1ይ) ህዝቢ ኤርትራ ብሕልፊ መንእሰይ ኤርትራ ጭቈና በዚሑዎ መታን ከይልዓሎ፣ ዓቕሚ ኣዳም ዘዝበጽሐ መንእሰይ ገገፊፉ ኣብቲ ጥቓ ዶብ ሱዳን ዝርከብ “ሳዋ“ ዝተባህለ ኮንሰንትረሽን ካምፕ ጕሒፉዎ ይርከብ። እቲ ቀንዲ መኽንያት ከኣ እቲ መንእሰይ ብሱዳን ኣቢሉ ብቐሊሉ ንምህዳም ክቐርቦ፣ ኣብኡ ኣንተተቐመጠ ከኣ ብዓሶን ብማላርያን ተሳቒዩ ንኽመውት ዝብል'ዩ። እዚ ፕሮጀክት እዚ ኮሎንያል ጣልያን 1938 ዓ.ም.ፈ. መዲቡዎ ዝነበረ መድብ'ዩ፣ ሎሚ ኣኢሰያስ ዘተግብሮ ዘሎ። ኢሰያስ ብሓቂ ንልምዓትን ኣገልግሎት ሃገርን ዝሓስብ እንተዝኸውን፣ ነቶም መንእሰያት ኣብቲ ፍቱንን ጽኑዕን ዕርዲ ሰውራ ኤርትራን ጥዕና ዝመልኦን ቦታታት፣ ሳሕልን ምድረ መንሳዕን: ሓልሓልን ዓላን ጋሽን'ዩ ከስፍሮም ነይሩዎ። እዞም መንእሰያት ኣብኡ ኣንተሰፊሮም ግና፣ ነስመራ ንኽምርሹ ሓጺር መንገዲ ስለዝኾነ፣ ኣርሒቕ ኣቢሉ ከተጥፍኦም ኣሎዎ። እዚ ውዲታዊ መደብ-ዕዮ'ዚ ከኣ ብፍላይ ካብ ኣማኽርቱን ዓሰብቱን መርበብ ስለላ ኣሜሪካን እስራኤልን ዝተዋህቦ'ዩ።

2ይ) ገዳይም መራሕትን ጀጋኑ ተቓለስት ብዘይ ፍርዲ ኣብ ጐዳጕዲ-ኣብያተ ማእሰርቲ ዳጕንዎም ኣካለ-ስንኩላት ማይ-ሓባር ከአ ብጥይት ኮስቲሩዎም። መኽንያቱ ኣብ ሜዳ እንከለው መብጽዓ ነይሩዎም እዩ። ኢሰያስ ግና ካብታ ኣብ ለንደን ምስ ማርቲን ኮህንን፣ መለስን ዜናዊን ዝተወዓዓላ ምስጢራዊት ውዕል ስለዝፈረመ፣ ካብታ ዕለት እቲኣ ጀሚሩ፣ መብጽዓ ስውኣት ይኹን ውሳኔ ውድባዊ ጕባኤ 1976 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ማይ ዝኣተወት ኣንጭዋ ኮይኑ ተሪፉ'ዩ። ወይከኣ እሰያስ ውዕል ጕይቶቱ እንተድኣ ኣፍሪሱ ከምዝቕንጸል ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ እዩ። ከምኡ ከኣ እቲ ኣብ ወጻኢ ተኾሚሩ ዘሎ ገንዘቡ፣ ከም ጨው ክሓቕ'ዩ። ስለዚ "ብየማን ኣንተኸድኩም ሰብኣይ ጓልኩም ይሞተኩም፣ ብጸጋም እንተኸድኩም ከኣ ሰይቲ ወድኹም ትሞተኩም"..ስለዝኾነ…እቲ ምርጫ ኢሰያስ፣ ግድነት  ክሳብ ኣብ ጕድጓድ ዝኣቱ ንጥፍኣት ጥራይ ምምራሽ እዩ።

3ይ) ነቶም ካብ ብኣእምርኦም ብከብዶም ዝሓስቡ፣ "እሺ ጐይታይ" ኢሎም ዝእዘዝዎ "ለተናንት-ኮረለኔል: ኮለኔል ወይ መጀር-ጀነራል" ዝብል ባሊቃ ጽሮራ ኣናዓደለ፣ "ንስልጣነይ ጥራይ ሓልዉለይ'ምበር፣ ዋላ ኰላሊት ሰብ ሸጥኩም ባጤራታት እንተኣኻዕቢትኩም ጸገም የብለይን" ይብሎም ኣሎ። ርግጽ'ዩ ኣብ ኤርትራ ሎሚ መብዛሕትኦም "ለተናንት-ኮረለኔል: ኮለኔል ወይ መጀር-ጀነራል" ዝሸየሙ ዘለውዉ፣ እቶም ኣብ ዓበይትን ንኣሽቱን ዓውደ-ውግኣት ብጅግንነት ግቡኦም ዝፈጸሙ ኣይኮኑን፣ እንታይ ድኣ እቶም ዝሕሱዉን ዘዳናግሩን ወይከኣ ዝሸርሑሩን ዝነበሩ ወይጦታት እዮም።

4ይ) ነቶም ከም ፓፓጋሎ ዝተባህሎም ጥራይ ዝደግሙ፣ "ሓለፍቲ ድምጺ ሓፋሽን ቲቪ-ኤረይን" ከኣ፣ ከምዚ ዝበልኩኹም ወረ ጥራይ እናዘርጋሕኩም፣ ነቲ "ሓፋሽ" ኣደንቍሩለይ ይብሎም። እወ ኢሰያስ ሎሚ ግዳ ኣብ ማእከል ኣስመራ፣ ተለቪዥንን ራድዮን ተቛጻጺሩ፣ ኣብ ሳሕል ከሎ ኣንድዩ በታ ኣረጊት ራድዮ-ድምጺ ሓፋሽ፣ ጥሩምባ ሓሶት እናነፍሐ ንህዝቢ ስምዒቱን ዝንባሌኡን ዝምዝምዝ ዝነበረ። ፕሮፓጋንዳ ፍርቂ ስልጣን ፋሺስታውያን ስለዝኾነ፣ ግድነትዩ ፋሺስታዊ ኢሰያስ ነቶም ሓርበኛታት ጋዜጠኛታት ኣሲሩ፣ በቶም ወይጦታትን ባምቡላታትን ክትክኦም።

5ይ) "ፕረሲደንት" ኢሰያስ ገለ-ገለ ክፍለ-ሰራዊት: መንእሰያት ወይ ህዝቢ፣ "ስለምንታይ ክሳብ ሎሚ ካብ ሳዋ ንዓዓዶም ዘይተመልሱ? ሕገ-መንግስቲኸ (ቅዋም) ስለምንታይ ክሳብ ሎሚ ዘይተተግበረ?" "ኢሎም ይሓቱ ኣለው"፣ ዝብል ጽንጽንታ ኣንተድኣ ሰሚዑ፣ "ብልሽውና ጀሚሩዎም እዩ፣ ከድኩም ድኣ ከካብ ገዛኦም ጭወዩዎም" ዝብል ትእዛዝ ንጭፍራ "ህዝብዊ ድሕነት" የዋፍር፣ ካብኡ ቀጺሉ ከኣ "እንዳ-ወያኔ ኣመሎም መጺኡዎም…ነዛ ነጻነትና ቀኒኦምልና…" ዝብል ፕሮፖጋንዳ ዘርጊሑ ንግዜኡ ነቲ ገርህኛ ህዝቢ ኣእምሮኡ የደንዝዞ።

6ይ) ኢሰያስ ካብ ቅድም ምስ መንግስቲ ሱዳንን ምስ መንግስቲ ወያኔን ስዉር ርክብ ስለዝጸንሖን ገና'ውን ስለዘለዎን፣ እቶም ኣብ ሱዳንን ኣብ ኢትዮጵያን ኣለው ዝብሃሉ ተቓወምቲ ኤርትራውያን ብባርካን ብሳሕልን ብዓላን ብጋሽን መታን እንዳተቓላቐሉ ቅሳነት መታን ከይከልኡዎ፣ ፍሉይ ባጀት ካብ ሓጐስ ክሻ እንዳተሰልዐ ንኽይቃለሱ ንኽቃለሱ መዕጸው ኣፎም ይኸፍል። ወይከኣ በብዓይነቱ መርገም ንኢሰያስ እናተራገሙ ላልማየ-ላሎ መበሊ ራድዮን ተለቪዝዮን ኣብ ሱዳንን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ይፍቀደሎም። እዚኤን እየን እምብኣር እተን ቀንዲ መሳርያታት፣ ንስልጣን ኢሰያስ ዘናውሓ ዘለዋ።

እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ግና። መለስ ዜናዊ ወይ መራሕቲ ወያኔ፣ ነቲ ካብ መለእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ 50% ዝኸውን ህዝቢ ኦሮም ዝውክል "ብኦነግ" ዝፍለጥ ውድብ ኦሮሞን: ካብ መለእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ 20% ንላዕሊ ዝኸውን ህዝቢ ኣምሓራ ዝውክሉ ተቓወምቲ ውድባትን ፓርትታትን ቀንጺሉን ዓጊቱን፣ ነቲ ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ: 3 ክሳብ 4% ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ወኪሉ፣ ንስሙ ካብ ስሲተም ሃገር ኣንግሊዝ ዝተቐድሐ "ቀዳማይ ሚንስተር ኢትዮጵያ" እንዳ ተጸውዐ፣ ካብ 20 ዓመታት ንላዕሊ፣ ንህዝቢ ትግራይን ኦሮሞን ኣምሓራን ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያን ኣደንቍሩ ይገዝኦም ኣሎ። መለስ ኣንተኾነ'ውን ነቶም ኣብ ሜዳ እንከለው መብጽዓ ዝነበሮም፣ ገዳይም መራሕትን ጀጋኑ ተቓለስትን ህ.ግ.ሓ.ት (ወያኔ) ከምኡ'ውን መራሕቲ ውድብ ኦሮሞን መራሕቲ ፓርትታት ኣምሓራ ቅንጅትን፣ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዳጕንዎም ኣሎ። መለስ ግና ካብታ ኣብ ለንደን ምስ ማርቲን ኮህንን፣ ኢሰያስ ኣፈወርቅን ዝተወዓዓላ ምስጢራዊት ውዕል ስለዝፈረመ፣ ካብታ ዕለት እቲኣ ጀሚሩ፣ መብጽዓ ስውኣት ይኹን ውሳኔ ውድባዊ ጕባኤ 1987 ዓ.ም.ፈ. ወያኔን ኢ.ህ.ኣ.ዴ.ግን ደስኪሉን ተረሲዑን ተሪፉ'ዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ጭቈና በዚሑዎ ክልዓል ከሓስብ ከሎ ድማ፣ ከምታ ቀዳሞት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዋርድያታ ዓሰብን ምጽዋዕን ተመሲሎም፣ ኑቲ ገርህኛ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ነጋሪት ኵናት ኣናሃረሙ ዘዳናግሩዎ ዝነበሩ፣ መለስ ድማ ብዝረቐቐ ሜላ ብዛዕባ ጕዳይ ኤርትራ እንዳሸቀጠ ስልጣኑ መታን ከናውሕ፣ ከምዚ ሎሚ-ቅነ ዝፍክሮ ዘሎ ፈኸራታት እንዳፈከረ ስልጣኑ የናውሕ ኣሎ።

ርግጽ'ዩ ኢሰያስን መለስን፣ ካብ ሜዳ ጀሚሮም ክሳብ ሎሚ፣ ስዉር ውዲታዊ ርክብ ከምዝነበሮምን፣ ክሳብ ሎሚ ከምዘለዎን፣ ገና'ውን ክሳብ ኣብ ስልጣን ዘለው ከምዝህልዎምን፣ እቶም ምኩራት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባርን ወያኔን ጥራይ ዘይኮኑስ፣ ብዙሓት ተኻታተልቲ ሰውራ ኤርትራን ትግራይን ኣጸቢቖም ዝፈልጡዎ ግሁድ ምስጢር'ዩ። ኣብ መንጎ ክልቲኦም ጽልእን ባእስን ከምዘሎ ኣምሲሎም ግና፣ ንህዝቢ ከደናግሩ በብዓይነቱ ፕሮፓጋንዳ ክነዝሑ ይስምዑ። ብርግጽ ግና መለስን ኢሰያስን ብስዉር ንባዕዳውያን ንኽገልግሉ፣ ውዕል ዝኣተው ክልተ-ቆጥሚ ግጥሚ እዮም። ኣብ መግዛእቲ ንጉስ ሃይለስላሴ ኣብ ኵናት ኤርትራን ኦጋዴንን ክሳብ ፍርቂ ሚልዮን ዝኾኑ ሰራዊት ኢትዮጵያ ፈሊሶም። ኣብ መግዛእቲ ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ: ክሳብ 750.000 ዝኾኑ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኵናት ሶማልን ኤርትራን ፈሊሶም።

ወያኔ ግና ኣብ ሜዳ ከለው እቲ ብመስፍናዊ ሃይለስላሴን፣ ብፋሺስታዊ ተግባር መንግስቱን ዝፍጸም ዝነበረ ፍጻሜታትን ይውሕልሉ ነይሮም። እቲ ብመስፍናዊ ሃይለስላሴን፣ ብፋሺስታዊ ተግባር መንግስቱን ዝተፈጸመ ህልቂት ሰራዊት ኢትዮጵያ ትምህርቲ ክኾኖም ስለዘይከኣለ፣ እኳ'ድኣ ኣብ ስልጣን ምስ መጹ፣ ምኽሪ ዓሰብቶም ምዕራባውያን ስለዝሰምዑ ኣብ ኵናት ጸሮናን ዓሰብን ክሳብ 100.000 ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ፈሊሶም። ድሕሪ ዶባዊ ክልናት ባድመ ድማ ኣብ ሶማል ካብ 30.000 ዝበዝሑ ሰራዊት ኢትዮጵያውያን ኣህሊቖም። ሎሚ'ውን ብኣሜሪካ ተዓሲቦም ኣንጻር ኣልሸባብ ኣብ ሃገር ሶማል ገና ፕሮክሲ ዋር የካይዱ ኣለው። መለስን ኢሰያስን ብሻምብቆ ብረት ኣብ ስልጣን ዝደየቡ፣ ገና ኣብ ሜዳ ከለው ብደም ንጹሃት ዝሰኸሩ ስለዝኾኑ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ፍትሕን ዲሞክራስያን ከምጽኡ ማለት፣ ካብ ኣንቀኣቕሑ ተመን ርግቢት ምፍጣር ስለዝኾን፣ ብጐይተቶም ከቶ ኣይፍቀደሎምን'ዩ። እኳድኣ ብኣንጻሩ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ግዳይ ጥሜትን ውግእን ስደትን ንኽኸውን ዝተዓጥቁ'ዮም። መኽንያቱ ከኣ ውዕሎምን ተልእኾኦምን ከምኡ ስለዝኾነ።

## መራሕቲ ወያኔን ኢሰያስን እተን ቀንዲ ኵናት ንኽካይዱ ዝደፋፍእኦም ዘለዋ እዘን ዝስዕባ መኽንያታት እየን:-

1) ህዝቢ ከዕዘምዝም ምስ ዝጅምርን፣ ሚዛንን ሓይልን ተቓወምቲ ኣስጋኢ ምኳኑ እንተድኣ ፈሊጦምን፣ ኵናት ወሊያም ንግዚኡ ንዝንባሌ ህዝቢ ንምቕያር ምህዳእን።

2) ኣከይ ስበብ ከም ዶብ ባዱመን ዶብ ደንከልን ኣናምሃዙ፣ ስምን ዕላማን ተቓወምቲ ውድባት ኣካፊኦም፣ ብኵናት ሓይሎም ንምድካም።

3) ስትራተጂን ባህርያዊ ሃብትን ሃገር፣ ንረብሓ ባዕዳውያን ከምዝውዕል ንምግባር።

4) መሳርሒ ባዕዳውያን ስለዝኾኑን፣ ባህጊ ሰላምን ፍቕሪ ሃገርን ስለዘይብሎም፣ ባዕሎም ዝወልዑዎ ኵናት ዝሃልቕ መንእሰይን፣ ካብ መነባብሮኡ ዝዛናበል ህዝብን ስለ ዘየደንግጾም።

*መራሕቲ ወያኔ ብዝሓለፈ ተመክሮ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዘይምሃሩ፣ ደገምቲ ታሪኽ መሳፍንቲ ትግራይን ቀዳሞት ገዛእቲ ኢትዮጵያን'ዮም። ብኻልእ ኣገላልጻ ከኣ: መራሕቲ ወያኔ ጸረ ሰላምን ቅሳነትን ዝኾኑ ዓሳኽር ባዕዳውያን'ዮም ክብሃል ይከኣል።*

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙናት መለስ ዜናዊ ካብ ጭንቀት ዝተላዕለ፣ ኑቲ ገርህኛ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ኣብ ዘመን መግዛእቲ መንግስቲ ደርጊ ኣእዛኑ ዘጽመሞ ፈኸራታት እንዳደገመ፣ ነታ ሰላም ኣስተማቒሩ ኣብ ልምዓትን ማእቶትን እፎይ ኢሉ ከይዋፈር፣ ነጋሪት ኵናት ኣናሃረመ ብፈኸራታት ከርዕዶ ቀንዩ። ካብቶም ብዙሓት ክፍክሮም ዝቐነየ ፈኸረታት ውሑዳት ንምጥቃስ:-

1) "ብሓደ ወንጪፍ ክልተ ኣዕዋፍ ክንወቅዕ ኢና"።

*ትርጒሙ: ንሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ነቶም ኣብ ኣስመራ ዘለው ተቓወምቲ ኢትዮጵያውያንን ከነጥፍኦም ኢና ማለቱ እዩ። ድሓርከ እንታይ እዩሞ ክገብር ደህሪ ጥፍኣት መራሕቲ ህግደፍ መለስ ዝቐረቦም መራሕቲ ብዓልመን እዮም?*

2) "ኢትዮጵያ ንርእሳ ንክትከላኸል ኣድላዪ ስጕምቲ ክትወስድ ትኽእል'ያ"።
*ንኢትዮጵያ ክወርር ዝመጸ ሓይሊ ኤርትራ የለን። ህዝቢ ኤርትራ ንባዕሊ መግዛእቲ ኢሰያስ*
*መሪሩዎ ይሳቐ ኣሎ።*

## እስከ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ንመለስ ዜናዊ ክንሓቶ:-

☞ መለስ ዜናዊ ንሓርነትን ነጻነትን ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ን20 ዓመታት ክቃለስ ዝነበረ ክነሱ: ስለምንታይ ሎሚ ከምቲ መንግስቱ ሃይለማርያምን ንጉስ ሃይለስላሴን፣ ዝፍክሩዎ ዝነበሩ ፈኸራታት ይፍክር ኣሎ?

☞ መለስ ዜናዊ ሕቶ ኤርትራ: ብቕጥዒ ረፈረንደም ብወግዒ ከምተረጋገጸ ኣይፈልጥን ዶእዩ?

☞ ምስ ኢሰያስ ውዲታዊ ውዕል ካብ ቅድም ከምዝነበሮ ረሲዑዎ ማለት ዶእዩ ወይስ ንህዝቢ ከታልል ስለዝደለየ እዩ?

☞ ኢሰያስ ጸላእተይ ዝብሎም ሓርበኛታት ኤርትራውያን: ካብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ እናጨወየ ክወስዶም ከሎ መለስ ዜናዊ ሽዑ ስለምንታይ ዓገብ ዘይብለ?

☞ እዚ መለስ ከካይዶ ዝሓልሞ ዘሎ ኵናት፣ ኣንታይ እዩ ሸቶኡ? ኢሰያስ ንምግልባጥ ወይስ ንዓሰብ ንምውራር?

☞ መለስ ዜናዊ ነቲ ብረፈረንዱምን ብሕቡራት ዓለምን ዝጸደቐ ነጻነት ኤርትራ፣ ንድሕሪት ንምምላስ ብዓለምለኻዊ ሕጊ ፍሉይ ፍቓድ ተዋሂቡዎ ዶእዩ?

☞ ወይስ ከምዚ ሓይሊ ናቶን ኣሜሪካን ፈረንሳን እንግሊዝን፣ ተዘራርየን ንልዑላዊት ሃገር ሊብያ ዝወረርኣ፣ መለስ ዜናዊ ልዕሊ ዓለምለኻዊ ሕጊ ኮይኑ ንልዑላዊት ሃገር ኤርትራ ክወቅዕ ፍሉይ ልቻንሳ ስለዝተዋህቦ'ዩ?

☞ ወይስ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ወዲ ሓወቡኡ ኢሰያስ፣ ሰራዊት ኤርትራ ሞራል የብሉን፣ እቲ ህዝቢ ብስደትን መከራን ተዳኺሙ እዩ፣ መንእሰይ ኤርትራ ከኣ ሃገር ገዲፎም ንስደት ይጠፍኡ ስለዘለዉ፣ ሞራል ገሩ ከምቀደሙ ክከላኸል ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ስለዘየሎ፣ ሕጂ ንዓ ውረር ኢሉ ዓዲሙዎ ማለት'ዩ

☞ እቲ ብጥሜትን መከራን ዝሳቐ ዘሎ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራንከ፣ እዚ ሎሚ መለስ ዝፍክረሉ ዘሎ ኵናት ኣንተተወሊዑ ክጻወሮ ይኽእልዶ?

ኣምሆ ዘመን ንጉስ ሃይለስላሴ: ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ ኢሉ ፈኪሩ፣ፍኸራ ግና ንንጉስ ሃይለስላሴ ኣይሓገዞን። ኣብ መዋእዳእታ ድኣ ግዳይ ወተሃደራቱ ኮይኑ ብሕፍረት ሞተ።

ፍኸራ ንመንግስቱ ሃይለማርያም'ውን ኣይሓገዞን። ሃገር ጠንጢኑ ድኣ ንዚንባበ ሃጽ ኢሉ ዓረበ።

ፍኸራ'ውን ንመዓመር ቃዛፊ ኣይሓገዞን። ኣብ ጕድጓድ ኣናጹ ድኣ ተሓቢኡ ተጋለጸ።

እሞ መለስ ዜናዊ ነዚ ዝሓለፈ ጭቡጥ ታሪኽ ዘንጊዑዎ ማለት ዶእዩ፣ ወይስ ፍሉይን ልዑልን ሓይሊ ስለዘለዎ'ዩ ዝፍክር ዘሎ?

እቶም ንታሪኽን ስዉር ውዲትን መራሕቲ ወያኔን ኢሰያስን ዝከታተሉ ሰባት ግና፣ ስለምንታይ መለስ ዜናዊ ኣብዚ እዋን'ዚ፣ መሬት ኢትዮጵይያ ንቻይናውያንን ህንዳውያንን ዝሕረጀሉ ዘሎ፣

ገንዘብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተጓሒጒሑ ንወጻኢ (ኦፍ-ሾር-ባንክታት) ዝጓረተሉ ዘሎ፣ እሞ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጥሜትን ስደትን እናተሳኸየ ከሎ፣ ስለምንታይ መለስ ነጋሪት ዡናት ይሃርም ኣሎ? እናበሉ'ዮም ብሕቶ መልክዕ ርእይታኦም ከቕርቡ ዝስምዑ ዘለው።

ስለዚ መለስ ዜናዊ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ ናዕቢ ንኸህድእ ዝፈጥሮ ዘሎ ምኽኒት እዩ። ከምኡ'ውን እቶም ወራር ዒራቕን፣ ሊብያን ምስ ወድኡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ክቔጻጸሩ ዝድልዩ ዘለው፣ ግሎባል ፕለየርስ ምዕራባውያን፣ ነቶም ኣብ ሶማልን ኤርትራን ኢትዮጵያንን ዘለው ሃገራውያን ገስገስቲ፣ ዕንቅፋት መታን ከይኮንዎም ኣብ ነንሓድሕዶም ተፋሊሶም መንገዲ ባዕዳውያን ክጸርግሎም ስለዝደለየ እዩ?

## እስከ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ከኣ ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ከነቕርበሉ:-

1) ብሓቂ ንሓይሊ ኢትዮጵያ ክትስዕሮ እንተድኣኰንካ፣ ስለምንታይ ከም ብዓል መጀር ጀነራል ሃብተጽዮን ሓድጉ መራሕ ነፋሪት ውግእ (ፓይሎት) ኣብ ማሕቡስ ዳጒንካዮም?

2) ብሓቂ ንሓይሊ ኢትዮጵያ ክትስዕሮ እንተድኣ ትሓልም ኰንካኸ፣ ስለምንታይ ከም ብዓል ጅግናን ጉይታ ዕርዲ ሰሜናዊ ሳሕል: ዑቕበ ኣብርሃ ብዘይ ፍርዲ ኣሕቂቕካዮም?

3) ስለምንታይከ ንብዓል ቢትወደድ ኣብርሃ ኣሲርካዮም? ንብዓል እግሪ ምራኹከ ኣደስኪልካዮም?

4) ስለምንታይከ ቍጽሪ ዘይብሎም ጀጋኑ ኮነ ኢልካ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣብሊኻዮም?

5) እዚ ብሰንክ ብርባራዊ ጭቈናኻ ግዳይ ስደትን ሞትን ዝኸውን ዘሎ መንእሰይ ኤርትራ፣ ሎሚ ዡናት ኣንተተላዒሉ ይሸከሞ ኢልካዶ ትሓስብ ወይስ ንሱ ፈሊጥካ ብውዲት ልዑላውነት ኤርትራ ብወያኔ ንኽቕንጠጥ ኢኻ ትደሊ ዘሎኻ ?

6) "ክሰርቀኒ ዝርኣኹዎስ ክህበኒ ነይኣምኖ" ከምዝብሃል፣ ንስኻን መለስን ሰላምን ቅሳነትን ከተምጽኡ ከምዘይትኽእሉ፣ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሮ ከምዝፈለጠኩምስ ትፈልጡዶ?

7) ኣብ ከተማ ለንደን ብ1991 ዓ.ም.ፈ. ምስ ሄርማን ኮሀን ዝተዋዓዓልኩሞ ውዲታዊን ምስጢራዊን ውዕል፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ትሓቢኡዎ ዝነብርዶ ይመስለኩም?

8) እቲ ስዉር ውዕል'ቲ ብመደብ ደፋእ እንዳበለ ይትግበር ከምዘሎ ህዝቢ ይርድኦ ከምዘሎ ንስኻን መለስን ኣይስቈረኩምን እንድዩ?

9) እዚ ፕሮጀክት ሄርማን ኮሀን ጽባሕ ብጊሓት ምስተጋለጸስ፣ ንስኻን መለስን ኣንታይኮን ክትብሉ ኢኹም?

***<u>መለስ ዜናዊን ኢሰያስ ኣፈወርቅን: ዝምድናኦምን ሓባራዊ መደብ ዕዮኦምን ብዓይነት ይፈላለ'ምበር ብትሕዝቶስ ሓደ'ዩ።</u>***

## *በትሪ ሓቂ ትቐጥን'ምበር ኣይትስበርን'ያ!!!!*

ኢሰያስ ኣፈወርቂ መን ምዃኑንን፣ ንመን ከገልግል እዩ ንሜዳ ወፊሩን? መን'ዩኸ ልኢኹዎን? እንታይ ዓይነት ሽቶ ንምውቃዕከ እዩ ተላኢኹን? "ዋላ ትንፈር በጊዕ እያ" ዝዓይነቱ መደብ-ዕዮ ተኸቲሉ፣ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ ብግዝያዊ መንግስቲ ጥራይ ገና ንህዝቢ ኤርትራ ኣደንቍሩ ዝገዝእ ዘሎኸ ስለምንታይ እዩ ? ወዘተ...ኣብ ዝቕጽል 10ይ ምዕራፍ ክግለጽ'ዩ።
ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ: 01.02.2012 ዓ.ም.ፈ.